ንማይጨው ሕርሻ ኮለጅ ግልጋሎት ዝውዕል ናይ ፅሕፈት መሳርሒ፣ ናይ መኪና ስፔር፣ ናይ ህንፃ መሳርሒ ፣ ናይ ሕክምና ናዉንትን መድሓንትን፣ ናይ ኣሕምልቲ ዘርኢን ፀረ-ባልዕን ብግልፂ ጨረታ ፣ ናይ ኤሌትሪክ ኣቁሑት፣ ናይ ማይ ኣቁሑት፣ ናይ ፅሬት ኣቁሑትን ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥሪ 16, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 30, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ብቢ ሎቱ ይፈላለ
- ቦታ:ማይጨዉ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 30, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ስራሕቲን ውፅኢት ሕርሻ/ ናይ ሕርሻ ጥረ ኣቁሑትን ኣቅርቦትን/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ፀረ ባልዕን ነፍሳትን/ ናይ መድሓኒት ምህርቲ/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ቱቦታትን ኣክሰሰሪታትን/

ቐፅሪ ዕ/ፋይ/ንብ/ምም/ርን/1036/17

ዕለት 15/05/2017 ዓ/ም

ን2ይ ጊዜ ዝወፀኣ ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቐፅሪ 01/2017

ንማይጨው ሕርሻ ኮለጅ ግልጋሎት ዝውዕል ናይ ፅሕፈት መሳርሒ፣ ናይ መኪና ስፔር፣ ናይ ህንፃ መሳርሒ ፣ ናይ ሕክምና ናዉንትን መድሓንትን፣ ናይ ኣሕምልቲ ዘርኢን ፀረ-ባልዕን ብግልፂ ጨረታ ፣ ናይ ኤሌትሪክ ኣቁሑት፣ ናይ ማይ ኣቁሑት፣ ናይ ፅሬት ኣቁሑትን ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ ኣብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ ትደልዩ ነጋዶ ዝስዕብ ረቓሒ ክተማልኡ ይግባእ።

1. ናይ 2017 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ኣተሓሒዝኩም ክተቕርቡ እትኽእሉ

2. ናይ ግብሪ ከፉላይ መለለይ ቐፅሪ ዝተመዝገብኩምን IN ሰርተፊኬት ክተቕርቡ ትኽእሉ

3. ቫት ዝተመዝገብኩምሉ ሰርቴፊኬትን ናይ ሕዳር ዴክሌር ዝገበርኩሙሉ መረዳእታን ክትቅርቡ እትኽእሉ፣

4. ናይ መቕረባይነት ሰርቴፊኬት ዝሓዝኩም

5. ሰነድ ጨረታ ፎቶ ኮፒን ኦርጅናልን ብ2' ፖስታ /ኢንቨሎፕ/ ተዓሽጉ ከቅርብ ዝክእል

6. ጨረታ ሰዓርቲ እንተኽይንኩም ዝሰዓርኩምዎ ንብረት ውዕሊ ካብ ዝኣሰርኩምዎ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10' ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕልኹም መጓዓዝያ ናብ ማይጨው ሕርሻ ኮሌጅ ብፅሬትን ብመጠንን ተቕርቡ ምኻንኩም

7. ኣብቲ ጨረታ ዝሰዓርኹምዎ ንብረት ሓደ ዓይነት ዋጋ ንዘቕረብኩም ተወዳደርቲ ብዕጫ እትፍለዩ ምኻኑ፣

8. መወዳደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ሽምን ኣድራሻን ዘለዎ ናይቲ ትካልኩም ማህተምን ፊርማን ክህልዎ ኣለዎ ፣

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9. ኣብ ነሰድ ጨረታ ዝምላእ ዋጋ ቫት ዝሓወሰ ክኸውን ኣለዎ ፣

10. ተጫረቲ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 200.00 /ክልተ ሚኢቲ ብር/ እናኸፈልኩም ካብ ማይጨው ሕርሻ

ኮሌጅ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ር ኣብ ቁፅሪ ቢሮ 02 ህ-B-25 ካብ ዕለት 15/05/2017 ዓ/ም ክሳብ 29/05/2017 ዓ/ም ሰዓት 11፡00 እናመፃእኩም ክትወስዱ ትኽእሉ ፣

11. እቲ ጨረታ ዕለት 30/05/2017 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3፡30 ተኣሸጉ ኣብቲ ዕለት ስዓት 4፡00 ኣብ ማይጨው ሕርሻ ኮሌጅ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፉይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ተጫረትቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት ።

12. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ንፅ/መሳርሒ፣ ንመኪና ስፔር ፡ ንኤ/ሪክ ኣቁሑት ፣ ንህንፃ መሳርሒ ፡ ንእንስሳ ናዊትን መድሓንቲን ፣ ንኣምልትን ፀረ-ባልዕን ፣ ናይ ማይ ፡ ብር 3000.00 / /ሰለስተ ሽሕ ብር/ ብCPO ፣ ብባንክ ዝተረጋገፀ ቼክ ወይ ጥረ ገንዘብ ክተትሕዙ እትኽእሉ እንትኾን ንናይ ፅሬት ኣቁሑት ግና ብር 1000.00 /ሓደ ሽሕ ብር/፣ ብCPO ብባንክ ዝተረጋገፀ ቼክ ወይ ጥረ ገንዘብ ክተትሕዙ እትኽእሉ፣

13. ዝተወዳደርለ ሰነድ ኮፒን ኦርጅናልን ክትኣቅርቡ እትኽእሉ ከምኡ ድማ ስሩዕ ሰነድ ጨረታ ሕድ ሕድ ገፅ ናይ ተጫረቲ ማህተም ብምግባር ብዝተኣሸገ ፓስታ ኣብ ዝተዳለወ ሳጥንዱቕ ተእትው ትክእሉ።

14. ናይ ሕድ ሕድ ንብረት መዐቀኒ ብነፀላ ወይ ብፓኬት ምኻኑ ኣስተውዒሎም ዋጋ ይምልኡ።

15. ኮሌጅና ነቲ ጨረታ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ኮነ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቴሌፎን ቁፅሪ 0347770388 ደዊልኩም ክትረኽቡ ትኽእሉ ምኟንኩም ንሕብር

ማይጨው ሕርሻ ኮለጅ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle